# ዜናዊ ጸብጻብ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

**7/11/2004**

ብሓሙስ ዕለት 04.11.2004 ኣብ ኣስመራ፡ ዓበይትን ንኣሽቱን፥ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝገበሩን ዘይገበሩን፤ ሰራሕተኛታትን ስራሕ ኣልቦን፤ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘይፈሊ መጠነ ሰፊሕ ግፋ ከምእተኻየደ ተፈሊጡ። እዞም ወተሃደራት ህግዲፍ ዝገፈፎወም ዜጋታት ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ከም እተኣስሩ ውን ካብ ኣስመራ ዝመጸ ሓበሬታታት የረጋግጽ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመደበሩ፡ ናይ ኤርትራውያን ማሕበር ንሰብኣዊ መሰላት ማሕበር፡ ብዕለት 05.11.2004 ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ተኾሲ ከምእተኸፍተን 18 ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታት ከም እተቐትሉን ልዕሊ 50 ዝኾኑ ድማ፡ ከምዝቘስሉን። ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ቍሱላት ድማ፡ መውጋእቶም ሓደገኛ ምዃኑ ኣቃሊዑ።

ተጠባባቒ ሚኒስተር ዜና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣቶ ዓሊ ዓብዱ፡ ቅድም ክብል ብዛዕባዚ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት እተፈጸመ ማሕረድቲ ተሓቲቱ ኣሉታ ሂቡሉ ከምዘሎ ሮይተርስ እተባህለ ናይ ዜጋ ማዕከን ገሊጹ። ብዛዕባ እቲ ተኻይዱ እናተባህለ ዝዝረበሉ ዘሎ ግፋ ግን፡ ንኸብለልቲ ጥራሕ ዝዓለመ ኢዩ ነይሩ ብዝብል ናይ ምሽፍፋን ፈተነ ከም እተፈጸመ ተኣሚኑ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ቅድም ክብል ውን፡ ኣብ ልዕሊ ውግኣት ሓርነት ተመሳሳሊ ናይ ቅንጸላ ተግባር ከምዝፈጸመ ዝዝከር ኢዩ። ብድሕሪኡ ውን፡ ካብ ሰራዊት ከምልጥ ንዝረኸብክምዎ ኣባል ሰራዊት ምክልኻል ረሽንዎ ዝብል ትእዛዝ ኣሕሊፉ ነይሩ።

እዚ ማሕረድቲዚ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብ ሊብያ ዑደት እናገበረ እንከሎ ኢዩ ተፈጺሙ። ዑደት ኢሳያስ ንሊብያ፡ ኣብ ርእሲ ካልእ ጕዳያት፡ መንግስቲ ሊብያ ነቶም ካብ ኣርዑት ጭቆና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣምሊጦም ኣብ ሊብያ ዝበጽሑ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ንምምላስ ዝጠልብ ኢዩ ነይሩ ዝብሉ ተዓ ዘብቲ ኣለዉ። ምስዚ ብምትእስሳር፡ እቲ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ እተፈጸመ መቕዘፍቲ፡ ብትእዛዙ ኢዩ ዝብል ግምታት ውን ኣሕዲሩ ኣሎ።

ስለዚ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ብዛዕባዚ ተረኽቦዚ እኹል ምርመራ ኣካይዱ ንህዝቢ ኤርትራን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን መግለጺ ክህብ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ።